# ሽረና

ፅላል ዓባይ ዳዕሮ ሂወት ናይ ኩላትና፣
ቅናት ሰላም ፍቕሪ ቤት እንጀራ ማይና፣
ድንግል ሃፍታም መሬት ብርኩት እዩ ማህፀና፣
ለምለም ምድረ ገነት ፍቕሪ እያ ሽረና፤

መቐይሮ ነጥቢ ርቿት ናይ ሓርነት፣
ማህፀን ተቓለስቲ ተምሳሌት ናይ ፅንዓት፣
ባዓቲ ጀጋኑ ዑቕባ ናይ ወየንቲ፣
ፈለምቲ ናይ ቃልሲ ፈለምቲ መስዋእቲ፤

ማህደረ ቁዱሳን በዓል ድርብ ታቦት፣
ዋልድባ ማእኸሉ ሰብ ፅኑዕ ሃይማኖት፣
በዓል ዓብይ ቅርሲ ሰብ ታሪኽ ናይ ጥንቲ፣
ካብ ቀደም ጀሚራ ክሳብ ሎማዓንቲ፤

ተሓራሲ ግራት ተሸቂልካ ዝህብ፣
ሃፍታም ሸሻይ ቀፎ ሰብ ዕስለ አናህብ፣
ሰሪሕካ ነጊድካ ዝርከቦ መኽሰብ፣
መረባ ኩላትና መሶባ ንቕለብ፤

ዓዲ እምነ ነበረድ ሰሊጥ ምስ መሽላ፣
መካተቻ ወርቂ ዕጣን ዝዓደላ፤
ኩሉ ዝሓቖፈት ሃፍታም እያ ሽረና፣
መቹና አሎ ናብራ አብ ሕቝፎኪ ንሕና፤

ዘለና ብገንዘብ ዘይብልና ብጉልበት፣
ሎሚ ተላዒልና ክንስልማ መሬት፤
አለና ደቅኺ ሕብረትና አደልዲልና፣
ካባ ክነልብሰኪ ኢደይ ኢድካ ኢልና፤

ዓንብቢ ሽረና ክበሪ ማዕቢልኪ፣
መን አለና ድዩ ንሕና ዘይ ንስኺ፤
ንዓኺ ዘይከውን የለን እዩ ካባና፣
ንበሪ ሽረና ኮሪዕና ክንነብር፣
ደቅኺ ሓቢርና፡፡

ብቶማስ መኮነን ሽረ እ/ስላሰ